Tigrinya - Healing Scriptures

ወንጌል ማቴዎስ 4:23,24 የሱስ ድማ ኣብ ኩላ ገሊላ፡ ኣብ ቤት ጸሎቶም እናመሀረ፡ ወንጌል መንግስቲውን እናሰበኸ፡ ኩሉ ሕማምን ኣብ ህዝቢ ዘሎ ኹሉ ድናሰን እናሕወየ ይዘውር ነበረ። 24 ወሪኡውን ኣብ ኩላ ሶርያ ወጸ። ንኹሎም ሕሙማት ከኣ፡ በብዓይነቱ ሕማም ዘለዎምን ቃንዛን ኣጋንንቲ ዘለውዎምን ሕማም ባርያ በብወርሒ ዚለዐሎምን መጻጒዓትን ናብኡ ኣምጽኡሉ፡ ንሱ ድማ ኣሕወዮም።

ወንጌል ማቴዎስ 8:16/17 ምሸት ምስ ኮነ፡ ኣጋንንቲ ዝሐደርዎም ብዙሓት ናብኡ ኣምጽኡ። እቲ ብነብዩ ኢሳይያስ፡ ንሱ ድኻምና ወሰደ፡ ሕማምናውን ጾረ፡ እተባህለ ምእንቲ ኺፍጸም፡ ብቓሉ መናፍስቲ ኣውጽኤ፡ ሕማም ንዘለዎም ኩሎም ድማ ኣሕወዮም።

ወንጌል ማቴዎስ 9:35 የሱስ ኣብ ኩሉ ኸተማታትን ኣብ ኩሉ ዓድታትን ኣብ ቤት ጸሎቶም እናመሀረ፡ ወንጌል መንግስቲውን እናሰበኸ፡ ኩሉ ሕማምን ድናሰን እናሕወየ ይዘውር ነበረ።

ወንጌል ማቴዎስ 10:1 ንዓሰርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ፡ ንርኹሳት መናፍስቲ ኬውጽእዎምን ንብዘሎ ሕማምን ድናሰን ኬሕውዩን ስልጣን ሀቦም። (ወንጌል ማርቆስ 3:14,15)

ወንጌል ማቴዎስ 10:8 ሕሙማት ኣሕውዩ፡ ምውታት ኣተንስኡ፡ ለምጻማት ኣንጽሁ፡ ኣጋንንቲ ኣውጽኡ። ብኸምኡ ተቐበልኩም፡ ብኸምኡ ሀቡ።

ወንጌል ማቴዎስ 11:5 ዕዉራት ይርእዩ፡ ሓንካሳት ይኸዱ፡ ለምጻማት ይነጽሁ፡ ጸማማት ይሰምዑ፡ ምውታት ይትንስኡ፡ ንድኻታት ድማ ወንጌል ይስበኽ ኣሎ። (ኢሳይያስ 35:5)

ወንጌል ማቴዎስ 12:15 የሱስ ድማ እዚ ፈሊጡ ኻብኡ ኣግለሰ። ብዙሓት ሰብ ድማ ሰዐብዎ፡ ንኹሎምውን ኣሕወዮም።

ወንጌል ማቴዎስ 15:30 ብዙሓት ሰብ ድማ፡ ሓንካሳት፡ ዕውራት፡ ጸማማት፡ ቈራያት፡ ብዙሓት ካልኦትውን ምሳታቶም ሒዞም፡ ናብኡ መጹ፡ ኣብ ጥቓ እግሪ የሱስውን ኣንበርዎም። ንሱ ኸኣ ኣሕወዮም።

ወንጌል ማቴዎስ 17:20 የሱስ ከኣ፡ እምነትኩም ስለ ዝጐደለት። ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ክንዲ ፍረ ኣድሪ እትኣክል እምነት እንተ ኣልያትኩም፡ ነዚ ኸረን ድማ፡ ካብዚ ናብቲ ኣግልስ፡ ትብልዎ፡ ንሱ ኸኣ የግልስ፡ ዚስኣነኩምውን የልቦን።

ወንጌል ማርቆስ 1:34 ብዙሕ ዝዓይነቱ ሕማም ዘለዎም፡ ብዙሓት ሕሙማት ከኣ ኣሕወየ፡ ብዙሓት ኣጋንንቲውን ኣውጽኤ፡ እቶም ኣጋንንቲ ኸኣ ይፈልጥዎ ነበሩ እሞ፡ ኪዛረቡ ኣይፈቐደሎምን።

ወንጌል ማርቆስ 3:10 ንብዙሓት ኣሕውይዎም ነበረ እሞ ስለዚ ሕማም ዘለዎም ኩሎም ምእንቲ ኺርንክይዎ ኣብኡ ይወድቁ ነበሩ።

ወንጌል ማርቆስ 6:5,6 ኣብኡ ኸኣ፡ ብዘይ ንሒደት ሕሙማት ኢዱ ኣንቢሩ ዘሕወዮም እምበር፡ ሓይሊ ኺገብር ኣይኰነሉን። 6 በቲ ዘይምእማኖም ድማ ገረሞ። እናመሀረ ኸኣ ኣብቲ ኣብ ከባቢ ዘሎ ዓድታት ዞረ።
ወንጌል ማርቆስ 6:13 ብዙሓት ኣጋንንቲ ኣውጽኡ ንብዙሓት ሕሙማትውን ዘይቲ ለኺዮም ኣሕወይዎም።
ወንጌል ማርቆስ 6:55,56 ኣብ ኲላ እታ ሃገር ጐየዩ፡ ኣበይ ምህላዉ ምስ ሰምዑ ኸኣ፡ ድኑሳት ብዓራታት ገይሮም ናብኡ ኺጸርዎም ጀመሩ። 56 ኣብ ዝኣተዎ ዘበለ ድማ፡ ኣብ ዓድታት ኰነ፡ ወይ ኣብ ከተማታት፡ ወይ ኣብ ኣቝሻት፡ ነቶም ሕሙማት ኣብ ዕዳጋታት በጥ ኣበልዎም፡ ዘፈር ክዳኑ ኺትንክዩ ድማ ለመንዎ። ዝተንከዮ ዘበለ ኲሉውን ሐወየ።
ወንጌል ማርቆስ 8:23-25 ነቲ ዕውር ድማ ብኢዱ ሒዙ ናብ ወጻኢ እታ ዓዲ ወሰዶ። ኣብ ኣዒንቱ ጡፍ ኢሉ ኸኣ ኢዱ ኣንበረሉ እሞ፡ ገለዶ ትርኢ ኣሎኻ፧ ኢሉ ሐተቶ። 24 ቋሕ ኢሉ ድማ፡ ሰባት እርኢ ኣሎኹ፡ ኪመላለሱ ኸለዉ ኣእዋም መሲሎም እርእዮም ኣሎኹ፡ በለ። 25 ከም ብሓድሽ ድማ ኢዱ ኣብ ኣዒንቱ ኣንበረሉ እምኡ ኣጸቢቑ ጠመተ፡ ሐወየ ንኹሉውን ተቐሊዑ ረኣየ።
ወንጌል ማርቆስ 9:29 ንሱውን፡ እዚ ኽምዚ ዝበለ ዓሌት ብዘይ ብጸሎትን ብጾምን ኪወጽእ ኣይክእልን እዩ፡ በሎም።
ወንጌል ማርቆስ 16:17,18 ነቶም ዚኣምኑውን እዚ ተኣምራት እዚ ኺሰዕቦም እዩ፡ ብስመይ ኣጋንንቲ ኼውጽኡ፡ ብሓድሽ ልሳን ከኣ ኪዛረቡ፡ 18 ኣትማን ኪሕዙ እዮም፡ ዚቕትል እንተ ሰተዩ ኸኣ፡ ከቶ ኣይኪጐድኦምን እዩ፡ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኬንብሩ ንሳቶምውን ኪሐውዩ እዮም።
ወንጌል ሉቃስ 4:18 ንድኻታት ከበስሮም ስለ ዝቐብኣኒ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕለይ እዩ። ንምሩኻት ከምልስ፡ ንዕውራት ምርኣይ፡ ንግፉዓት ከኣ ምውጻእ ሓራ ኽሰብኽ፡
ወንጌል ሉቃስ 4:40 ጸሓይ ክትዐርብ ከላ ኸኣ፡ በበይኑ ዝኾነ ሕማም ዘለዎም ኲሎም ሕሙማት ናብኣ ኣምጽኡ፡ ንሱ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፎም ኢዱ ኣንቢሩ ኣሕወዮም።
ወንጌል ሉቃስ 5:15 ብዛዕባኡ ድማ፡ ኣዝዩ ወረ ወጸ። ብዙሓት ህዝቢ ኸኣ ኪሰምዕዎን ካብ ሓማሞም ኪሐውዩን ናብኡ ተኣከቡ።
ወንጌል ሉቃስ 5:17-25 ኰነ ድማ፡ ሓንቲ መዓልቲ ንሱ ኺምህር ከሎ፡ ካብ ኲሉ ዓድታት ገሊላን ይሁዳን የሩሳሌምን ዝመጹ ፈሪሳውያንን መምህራን ሕግን ተቐሚጦም ነበሩ፡ ሓይሊ እግዚኣብሄርውን ንምሕዋይ ምስኡ ነበረ። 18 እንሆ ድማ፡ ሰባት መጻጉዕ ሰብኣይ ብዓራት ጾይሮም ኣምጽኡ፡ ኣእትዮም ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ኬንብርዎ ይደልዩ ነበሩ። 19 ሰብ ስለ ዝበዝሐ፡ ከመይ ገይሮም ከም ዜእትውዎ እንተ ጨነቖም ከኣ፡ ናብ ናሕሲ ደየቡ እሞ ጡብ ኣፍሪሶም ምስ ዓራቱ ናብ ማእከል ናብ ቅድሚ የሱስ ኣውረድዎ። 20 እምነቶም ምስ ረኣየ ድማ፡ ኣታ ሰብኣይ፡ ሓጢኣትካ ተሐዲጉልካ ኣሎ፡ በሎ። 21 ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ድማ፡ እዚ ጸርፊ ዚዛረብ ዘሎ መን እዩ፧ ብጀካ እግዚኣብሄር በይኑኸ መን ሓጢኣት ኪሐድግ ይኽእል፧ ኢሎም ኪሐስቡ ጀመሩ። 22

የሱስ ድማ ሓሳቦም ፈሊጡ መሊሱ በሎም፡ ብልብኹም እንታይ ትሐስቡ ኣሎኹም፧
23 ኣየናይ ይቐልል፡ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ምባልዶ ወይስ ተንስእ እሞ ኺድ ምባል፡
24 ንወዲ ሰብ ኣብ ምድሪ ሓጢኣት ኪሐድግ ስልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ኽትፈልጡ
ግና፡ ነቲ መጻጉዕ፡ ተንስእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ናብ ቤትካ ኺድ፡ እብለካ ኣሎኹ፡
በሎ። 25 ብኡብኡ ንሱ ኣብ ቅድሚኦም ብድድ ኢሉ፡ ነታ ደቂሱላ ዝነበረ ዓራት
ኣልዒሉ ንኣምላኽ እናኣመስገኖ ናብ ቤቱ ኸደ።

ወንጌል ሉቃስ 6:17-19 ምሳታቶም ወሪዱ ድማ፡ ሰጥ ኣብ ዝበለ ቦታ ደው በማላ፡ ብዙሓት
ካብ ደቀ መዛሙርቱን ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ካብ ብዘሎ ይሁዳን የሩሳሌምን ገምገም
ባሕሪ ጢሮስን ሲዶናን ኪሰምዖው ኻብ ሕማሞምውን ኪሐውዩ ዝመጹ ኣብኡ ነበሩ።
18 እቶም ብርኹሳት መናስቲ ዚሳቐዩ ዝነበሩውን ሐወዩ። 19 እቶም ህዝቢ ኸኣ
ኵላቶም ኪትንክይዎ ይደልዩ ነበሩ። ካብኡ ሓይሊ ይወጽእ ነበረ እሞ፡ ንብዘለዉ
ኣሕወዮም።

ወንጌል ሉቃስ 7:21,22 ሽዑ በታ ሰዓት እቲኣ ኻብ ሕማምን ቃንዛን ካብ ርኹሳት
መናፍስትን ንብዙሓት ኣሕወየ፡ ንብዙሓት ዕዉራትውን ምርኣይ ሀቦም። 22 የሱስ ከኣ፡
ዕዉራት ይርእዩ፡ ሓንካሳት ይኸዱ፡ ለምጻማት ይነጽሁ፡ ጸማማት ይሰምዑ፡ ምዉታት
ይትንስኡ ኣለዉ፡ ንድኻታትውን ወንጌል ይስበኽ ኣሎ እሞ፡ ኪዱ፡ እዚ ዝርኤኹምዎን
ዝሰማዕኩምዎን ንዮሃንስ ንገርዎ።

ወንጌል ሉቃስ 8:2/3 ካብ ርኹሳት መናፍስትን ካብ ሕማምን ዝሐወያ ሓያሎ ኣንስቲ ድማ
ነበራ፡ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ዝወጹላ እታ መግደላዊት ዚብልዋ ማርያም፡ ዮሃና ሰበይቲ ኩዛ
ኣዛዝ ቤት ሄሮድስ፡ ሱሳና ኸኣ ብገንዘበን ዜገልግላኦ ኻልኦት ብዙሓትውን ምስኡ
ነበራ።

ወንጌል ሉቃስ 9:2 መንግስቲ ኣምላኽ ኪሰብኩን ንሕሙማት ኬሕውዩን ከኣ ለኣኾም።

ወንጌል ሉቃስ 9:11 እቶም ህዝቢ ኸኣ እዚ ሰሚያም ሰዐብዎ። ንሱ ድማ ተቐበሎም፡ ብናይ
መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ነገሮም፡ ምሕዋይ ንዜድልዮምውን ኣሕወዮም።

ወንጌል ሉቃስ 13:12 የሱስ ምስ ረኣያ፡ ጸዊዑ፡ ኣቲ ሰበይቲ፡ ካብ ሕማምኪ ተፈቲሕኪ
ኣሎኺ፡ በላ።

ወንጌል ሉቃስ 13:32 ንሱ ኸኣ በሎም፡ ኬድኩም ነዛ ወኻርያ፡ እንሆ፡ ሎምን ጽባሕን
ኣጋንንቲ ኤውጽእ ኤሕዊ፡ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኸኣ እውደእ ኣሎኹ።

ወንጌል ዮሐንስ 5:8,14 የሱስ ከኣ፡ ተንስእ፡ ዓራትካ ኣልዕል እሞ ኪድ፡ በሎ። 14 ድሕርዚ
የሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ ረኸቦ እሞ፡ እንሆ ሐዊኻ፡ ካብዚ ዚገድድ ከይረኽበካስ፡
መሊስካ ኣይትበድል፡ በሎ።

ወንጌል ዮሐንስ 14:12 ኣነ ናብ ኣቦይ እኸይድ ኣሎኹ እሞ፡ እቲ ብኣይ ዚኣምን ነዚ ኣነ
ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት ከም ዚገብር፡ ካብኡ ዚዐቢውን ከም ዚገብር፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ
እብለኩም ኣሎኹ።

ግብረ ሐዋርያት 3:6 ጴጥሮስ ከኣ፡ ወርቅን ብሩርን የብለይን፡ እቲ ዘሎኒ ግና እህበካ፡
ብስም የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኺድ፡ በሎ።

ግብረ ሐዋርያት 5:15,16 ጴጥሮስ ኪሐልፍ ከሎ፡ ጽላሎቱ ኣብ ገሊኦም ምእንቲ ኺወድቕ ኢሎም፡ ንሕሙማት ኣብ ዓራትን ኣብ ቃሬዛን ገይሮም፡ ተሰኪሞም ናብ ኣደባባይ የውጽእዎም ነበሩ። 16 ኣብ ዙርያ የሩሳሌም ካብ ዘለዋ ኸተማታት ከኣ ብዙሓት ተኣኪቦም ይጕዕዙ ነበሩ፡ ሕሙማትን ብርኹሳት መናፍስቲ ዚሳቐዩን ድማ ኣምጽኡ ኹላቶምውን ሐወዩ።

ግብረ ሐዋርያት 10:38 ማለት ብዛዕባ የሱስ ብዓል ናዝሬት፡ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓይልን ከም ዘቕብኦ፡ ኣምላኽ ምስኡ ስለ ዝኾነ፡ እናዞረ ጽቡቕ ከም ዝገበረ፡ ነቶም ሰይጣን ዝሰዐሮም ኩሎም ከኣ ከም ዘሕወየ፡ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም።

ግብረ ሐዋርያት 19:11,12 ኣምላኽ ከኣ ብኢድ ጳውሎስ ብዙሕ በይኑ ዝኾነ ተኣምራት ገበረ፡ 12 መኣረምያኡ ወይስ ክዳኑ ኻብ ዝባኑ ወሲዶም ኣብቶም ሕሙማት የንብሩ እሞ ሕማሞም ይሐድጎም፡ ርኹሳት መናፍስቲውን ካባታቶም ይወጹ ነበሩ።

ሮሜ 8:26 መንፈስ ድማ ከምኡ ንድኻምና ይድግፎ እዩ። ከመይ ጌርና ኽንጽሊ ኸም ዚግብኣና፡ ኣይንፈልጥን ኢና፡ ስለዚ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ብዘይንገር እህህታ ዚልምነልና።

1 ቆሮንቶስ 12:9 ንሓደ ግና እምነት በቲ ሓደ መንፈስ፡ ንሓደ ድማ በቲ ሓደ መንፈስ ናይ ምፍዋስ ውህበት ይውሀቦ፡

1 ቆሮንቶስ 12:28 ኣምላኽ ድማ ኣብ ማሕበር ቅድም ሃዋርያ፡ ካልኣይ ነብያት፡ ሳልሳይ መምህራን፡ ደሓር ገበርቲ ሓይልታት፡ ደሓር ውህበት ምፍዋስ፡ ምርዳእ ድኹማት፡ ምምራሕ፡ በበይኑ ቛንቋታት ሰርዔ።

ፊልጵስዩስ 2:27 ሐሚሙስ ብሓቂ ንሞት ቀሪቡ ነይሩ፡ ግናኸ፡ ኣምላኽ ምሒርዎ ሓዘን ኣብ ልዕሊ ሓዘን ምእንቲ ኸይውሰኸኒ ንኣይ ድማ እዩ እምበር፡ ንእኡ ጥራይ ኣይኮነን።

ያዕቆብ 5:14 ኣብ ማእከልኩምከ ዝሐመመዶ ኣሎ፧ ንሽማግሌታት ማሕበር ይጸውዕ፡ ንሳቶም ከኣ ብስም እግዚኣብሄር፡ ዘይቲ እናለኸይዎ፡ ኣብ ልዕሊኡ ይጸልዩ።

1 ጴጥሮስ 2:24 ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ኽንነብር፡ ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕጨይቲ ጾሮ፡ ብቕስሉ ኢኹም ዝሐዌኹም። (ኢሳይያስ 53:5)

3 ዮሐንስ 1:2 ኣታ ፍቁር፡ ከምቲ ነፍስኻ ዝጠዐየት፡ ብኹሉ ደሓን ክትህሉን ክትጥዕን እምነየልካ ኣሎኹ።

ዘጸኣት 15:26; ዘዳግም 7:15 not get diseases of Egypt.

ኢሳይያስ 58:8 ኣምላኽ heal speedy.

ኤርምያስ 30:17; ኤርምያስ 33:6 ኣምላኽ heals

Pastor T. John Franklin
Church of Salvation, Healing, and Deliverance
COS-HAD.org